Prevent Child Abuse Indiana
A Division of The Villages
A Chartered State Chapter of Prevent Child Abuse America

INDIANA Kids First CARE PREVENTING CHILD ABUSE



# ንውላድኩም መን ይርእየልኩም ኣሎ?

## ትፈልጡ’ዶ?

ንውላድኩም ምስ መጻምድትኹም ወይ ኣላዪ ክትገድፍዎ ከለኹም፡ ከምቲ እትገብርዎ ክንክን ክህቡ ኢኹም ትጽበይዎም-እዚ ግን ኩሉ ግዜ ርጉጽነት የብሉን። ብዙሓት ሰባት ኣብ ክንክን ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም፣ ወላ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ጥረ ነገራት ዝጥቀሙ፡ ጸገም ሕርቃን ዘለዎም፡ ወይ ዘቤታዊ ዓመጽ ዘለዎም፡ እዚ ድማ ሓደጋ ግህሰትን ሸለልትነትን ይውስኽ። ኣለይቲ ሰባት ተመኩሮ ክጎድሎም ወይ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ትጽቢት ዘይግበረሉ ነገራት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ድሕነት ውላድኩም ንምርግጋጽ ትጽቢትኩም ብንጹር ምሕባር ወሳኒ’ዩ፣ ከመይሲ ኣብ ልዕሊ ሓደ ንእሽቶ ውላድ ሓደ ህሞት ምጥፋእ ቁጽጽር ጥራይ ከቢድ ጉድኣት ስለ ዘስዕብ።

**ቀታሊ ዝኾነ ጌጋ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ቅድሚ ንበይኖም ምግዳፍኩም መጻምድትኹም/ኣካላዪኹም ምስ ውላድኩም ንኽትዕዘቡዎም ግዜ ኣሕልፉ። ነቲ ምትእስሳር ተዓዘብዎ። ንስኹምን ንውላድኩምን ምቹእነት ከምዘለኩምን እቲ ምትእስሳር ግቡእ ምኳኑን ኣረጋግጹ።**

## መጻምድትኹም/ኣላዪ ከምዚ ይገብር ድዩ

- ውላድኩም ንዕድሚኡ ዘይምጥን ነገራት ክገብር ትጽቢት ይገብር ድዩ?
- ውላድኩም ስርዓት ምስ ዝጥሕስ ወይ ኣንፈት ምስ ዘይክተል መጻምድትኹም ካብ መጠን ንላዕሊ ግብረ መልሲ ይህብ ድዩ?
- ውላድኩም ክበኪ ወይ ብዓውታ ቁጥዐ ከርኢ ከሎ፣ ሕርቃን ወይ ዓቅሊ ጽበት የርኢ ድዩ?
- ንውላድኩም ሕማቕ ጸርፊ ይጸርፎ ድዩ ወይ ሕማቕ ነገራት ይዛረቦ ድዩ?
- ንውላድኩም ምፍርራሕ መስሓቕ ይመስሎ ድዩ?
- ንውላድኩም ይጎድኦ ድዩ?
- ካብ መጠን ንላዕሊ ኣልኮላዊ መስተ ይሰቲ ድዩ ወይስ ኣብ ከባቢ ውላድኩም ሓሽሽ ይጥቀም ድዩ?



***ዋላ ሓንቲ ካብዘን ሕቶታት “እወ” ኢልኩም እንተ መሊስኩም፡ ውላድኩም ኣብ ሓደጋ ክህሉ ይኽእል እዩ። ቅኑዕ ነገር ግበሩ- ንውላድኩም ክከታተሉ ንመን ከም እትፈቕደሉ ብጥንቃቐ ምረጹ።***

*እዚ ሓበሬታ እዚ ብኸፊል ካብ Healthy Families of Florida (ጥዑያት ስድራቤታት ፍሎሪዳ) ዝተኣከበ እዩ።*

## ሓደ ኣላዪ ክፈልጦ ዘድልዮ

### ምጽዋር ብኽያት

- ንውላድኩም ምብካይ ንኽቋርጽ ንምሕጋዝ ዝበለጸ ክሰርሕ ዝኽእል እንታይ ምዃኑ። ቅድሚ ምኻድኩም ንውላድኩም ከመይ ጌርኩም ከም እተህድኡ ንመጻምድትኹም/ኣካላዪ ኣርእዩ።
- ውላድኩም ምብካይ እንተዘይቆጺሩ ነቲ ህጻን ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጥዎ እሞ ብኡንብኡ ደውሉ።
- ውላድኩም እንታይ ክገብር ከም ዝፈቱን እንታይ ዓይነት መጻወቲታት ክጻወቱ ከም ዝፈትዉን። መጻምድትኹም/ኣካላዪ ንስኹምን ውላድኩምን ብኸመይ ብሓባር ክትጻወቱ ከም እትፈትዉ ኣርእዩ።

### ውሑስ ድቃስ

- ውላድኩም ኩሉ ግዜ በይኑ ይድቅስ እሞ ምስ ዓቢ ሰብ ወይ ካልእ ቆልዓ ፈጺሙ ክድቅስ የብሉን።
- ውላድኩም ኩሉ ግዜ ብሕቑኦም ኣብ ዓራት/መደቀሲ ቆልዑ/ዓራት ቆልዓ ክድቅስ ኣለዎ ከምኡውን ኣብ ልስሉስ ዓራት፡ ኮቦርታ ወይ መተርኣስ ፈጺሙ ክድቅስ የብሉን።

### ዳይፐር ምግባር/ኣብ ሽቓቕ ምሕጋዝ

- ከመይ ጌርካ ንውላድኩም ሽቓቕ ምጥቃምን ወይ ዳያፐር ምግባርን። ውላድኩም ሃንደበት ምሻን እንተጋጢሙ ጸገም ከም ዘይብሉ ኣፍልጥዎ።
- ጽሩይ ክዳውንትን ዳያፐርን ብቐረባ ይሃልኹም።

### ምብላዕ

- መብዛሕትኡ ግዜ ውላድኩም ክሳብ ክንደይ ከምዝበልዕን ውላድኩም ኩሉ እንተዘይበሊዑ ጸገም ከም ዘይብሉን።
- እቲ ናይ መግቢ ምግዕዛይ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን!

### ውሕስነት ማይ

ኩሉ ግዜ ንውላድኩም ኣብ ባኞ፡ መሐንበሲ፡ ማያዊ ኣካል ወይ ካልእ ማይ ዝመልአ ነገራት፡ እንተላይ ኣብ ሽቓቕ ከሎ ክትከታተልዎ ኣለኩም።

### ስርዓት

ፈጺምኩም ንውላድኩም ኣይትደርዑ፡ ኣይትጨድሩ፡ ኣይትነውንዉ ወይ ኣይትውቅዑ።

## እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

### ካብ ገዛ ክትወጽኡ ከለኹም

- ቁጽሪ ተሌፎንኩምን ካልእ ናይ ህጹጽ እዋን ቁጽርታትን ግደፉ።
- ኣላዪ ሓገዝ ንምርካብ ክድውለልኩም ጸገም ከምዘይብሉ ኣፍልጥዎ።
- ኣብ ርሑቕ ከለኹም ምስ ኣላይቲ ተራኸቡ።

### ገዛ ምስ በጻሕኩም

- ርሒቕኩም ከለኹም እንታይ ከም ዝገበረ ንመጻምድትኹም/ኣላዪ ሕተትዎ።
- እቲ ኣላዪ ምስ ከደ፣ ፈትይዎ እንተኾይኑ ንውላድ ሕተትዎ።
- ናብ ገዛ ምስ ተመለስኩም ባህሪ ውላድኩም ተዓዘቡ። ውላድኩም ሰላማውን ሕጉስን ይመስል ድዩ?
- ዝኾነ ጸገም ከምዘሎ እንተጠርጢርኩም ወይ እንተተንዲኡ ብቕልጡፍ ሓገዝ ርኸቡ።

### ንውላድኩም ምሃርዎ

- ኣብ ሓደጋ ከምዘለዉ ኮይኑ ኣብዝስምዖም ዝድውሉሉ ወይ ዝኸድሉ ናይ ዝእመን ጎረቤት ስም።
- ኣብ ህጹጽ እዋን ከመይ ጌርካ "911" ከምዝድወል።
- ምስ መጻምድቲ/ኣለይቲ ክህልዎም ዝኽእል ጸገማት ወይ ስክፍታታት ምሳኻ ምዝርራብ ጸገም ከምዘይብሉ።

### ማእከል ክንክን ህጻናት ወይ ኣላዪ ምድላይ

- እቲ ናትኩም ኣላዪ ወይ ማእከል ክንክን ህጻናትኩም ፍቓድ ወይ ምስክር ወረቐት ኣለዎ ድዩ?
- እቲ ናይ ዓቢ ሰብ ምስ ህጻን ዘሎ ሬሾ ክንደይ እዩ?
- ንብረቶም ከመይ ይመስል...ሕቡእ ቦታታት ኣሎ ድዩ፣ ሓደጋታት ማይ?
- ብዛዕባ ውሑስ ልምድታት ድቃስ ኣዝዩ ንዱርነት ይሃልኹም።
- ኣብ እዋን መዓልቲ ሃንደበት ደውሉ ወይ ብጽሑ እሞ "ኣብዚ ሕጂ እዋን ውላደይ ኣበይ ኣሎ" ኢልኩም ሕተቱ።

## ጸጋታት



- ንዝያዳ ምኽርታት ኣተዓባብያታትን ሓበሬታን ብዛዕባ ናይቲ ከባቢ ጸጋታት ንምርካብ፡ **1-800-CHILDREN(ህጻናት)** ወይ “**211**” ደውሉ።
- ብነጻን ምስጢራዊን ሓበሬታን ኣገልግሎትን ኣብ ዘቤታዊ ዓመጽ ናብ National Domestic Violence Hotline (መስመር ሃገራዊ ዘቤታዊ ዓመጽ) ደውሉ **1.800.799.7233**
- ንሕቶታት Mental Health (ጥዕና ኣእምሮ) “**988**” ደውሉ።
- ጥርጡር ናይ ህጻናት ግህሰት ወይ ሸለልትነት ንምሕባር፡ ናብ Indiana Child Abuse/Neglect Hotline (መስመር ኢንዲያና ንህጻናት ዝግበር ግህሰት/ሸለልትነት) ደውሉ **1.800.800.5556**

## ተወሰኺ ብዛዕባና

*Prevent Child Abuse Indiana (ምክልኻል ግህሰት ህጻናት ኢንዲያና) ግህሰት ህጻናትን ሸለልትነትን ንምክልኻል ውፉይ እዩ። ከምኡ ብምግባርና ኢንዲያና ንደቅና ውሑስትን ዝሓሸትን ቦታ ንገብራ። ብሓባር፡ ምክልኻል ይከኣል እዩ።*



### ሓበሬታን ጸጋታትን

ንዝያዳ ናይ ምክልኻልን ኣተዓባብያን ሓበሬታ፡ ከምኡ’ውን ጸጋታት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ ወይ **1.800.CHILDREN (ህጻናት)** (1.800.244.5373) ደውሉ

### ግህሰት ህጻናት ሓብሩ

ንህጻናት ምግሃስን ሸለልትነትን ንምሕባር፡ ብ **1.800.800.5556** ደውሉ

### ንጻዕርታትና ደግፉ

Kids First License Plate (ናይ ህጻናት ቀዳማይ ታርጋ) ብምዕዳግ ንግህሰት ህጻናትን ሸለልትነትን ንምኽልካልን ብደረጃ-ሃገር ዝግበር ጻዕርታትና ንምድጋፍ ሓግዙ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ BMV ወይ www.in.gov/dcs/2456.htm ተወከሱ።

**ብሓባር፣ ምክልኻል ይከኣል’ዩ።**